Home Office

TIGRINYA

# ተወሳኺ ጽሑፍ ሲ: ኣብ ማእከላት ምእላይ ስደተኛታት (ኣይ ኣር ሲ ኤስ / IRCs)' ን ፡ ኣብ ናይ ሓጺር ግዜ ን ስደተኛታት ንምእላይ ዘገልግሉ ትካላትን ( ኣር ኤስ ቲ ኤች ኤፍ / rSTHF) ፡ ከምኡ'ውን ካብ በታ ናብ በታ ኣብ ትግዕዘሉ እዋን ብዛዕባ ዘጋጥም ጸገማትን ጥርዓን ንምቕራብ ዝሕግዝ መምርሒታት።

## መእተዊ

ቅድሚ ነቲ ኣብ ታሕቲ ተተሓሒዙ ዘሎ ናይ ጥርዓን ቅጥዒ ምምላእካ ነዚ መምርሒታት ብጥብቂ ንከትነብቦ ንምሕጸን።.

እዚ ፎርም እዚ ኣብ ማእከላት መእለዪ ስደተኛታትን ፡ ናይ ሓጺር ግዜ መእለዩ መሳለጥያታት ፡ ወይ ካብን ናብን ኣብ ትጓዓዙሉ እዋን ብዛዕባ ዝፍጠሩ ጉዳያት ንዝቐርቡ ጥርዓናት ዘገልግል ቅጥዒ እዩ። ናይ ሆም ኦፊስ ሓፈሻዊ ናይ ቅሬታ ኣተሓሕዛ ኣገባባት ዝገልጽ ዝተፈልየ መምርሒ (ንኣብነት ናይ ዩኬ ናይ ቪዛን ኢሚግሬሽንን፥ ናይ ኢሚግሬሽን ትግበራን ናይ ዶባት ሓይልታትን) ኣብዚ ዝስዕብ ክርከብ ይኽእል እዩ። https://www.gov.uk/government/publications/complaints-management- guidance-version-7.

እዚ ጽሑፍን እቲ ናይ ጥርዓን ቅጥዒን ብብዙሕ ቋንቋታት ተቐሚጡ ስለ ዘሎ ንዓኻ ሓጋዚ እዩ። ይኹን እምበር ፡ እቲ ተቐርበ ጥርዓን ካብ እንግሊዝኛ ወጻኢ ብኻልእ ቋንቋ እንተ ደኣ ኣቕሪብካዮ ፡ ቅድሚ ምግምጋምና ነቲ ጽሑፍ ምትርጓም ከድሊ እዩ። እዚ ድማ ነቲ ንሕና ንዓኻ መልሲ ክንህበካ ዘሎና መቃን ግዜ ከደንግዮ ይኽእል እዩ ማለት እዩ።

ጥርዓንካ ብዕምቆት ክንምርምሮ ከኽእለና ምእንቲ ፡ ቃለ መሕትት ክንገብረልካ ከድልየና ይኽእል እዩ። ብዛዕባ እዚ ቃለ መሕትት ናይ ምግባር ዝኾነ ዓይነት ስክፍታታት ኣሎካ እንተደኣ ኮይኑ፦ ምስ ሓደ ኣባል ሰራሕተኛ ተዘራረብ። እንተኾነ ግን ንዝኾነ ምጽራይን መርመራን እንተዘይሓጊዝካ ወይ እንተዘይተሓባቢርካ ጥርዓንካ ኣብ ግምት ብምእታዉ ክንፈትሖ ዘይክንክእል ከም እንኽዉን ምስትውዓል የድሊ።.

ኣብ ማእሰርቲ ኣብ ዘለኻሉ እዋን ጥርዓን ምቕራብ ፡ ንኣብ ማእሰርቲ ዝህሉ ኣገባብ ኣተሓሕዛኻ ኣይጸልዎን እዩ። ብዛዕባ ኩነታት ኢሚግሬሽን' ካ ንዝግበር ዝኾነ ይኹን ውሳነ ውን ብኣሉታ ኣይጸልዎን እዩ ፡ እዚ ማለት ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ክትነብር ክፍቀደልካ ወይ እዉን ካብ ሃገረ ዩናይትድ ኪንግደም ክትወጽእ ክዉሰነልካ ኣብ ዝብሉ ዉሳኔታት ዝኾነ ዓይነት ጽልዋ ዘሕድር ነገር ኣይኮነን ።

## መዓስ ጥርዓን ተቕርብ

ዝኾነ ፍጻመ ምስ ኣጋጠመ ብቕልጡፍ ምሕባር። ከምኡ ብምግባር እቲ ስክፍታታት ብቕልጡፍ ክንፈትሖን ዳግመ ግምትና ብቕልጡፍ ክንጅምርን ክሕግዘና ይኽእል እዩ።

መጀመርታ ፡ እቲ ጉዳይ ብቕልጡፍን ብቐጥታን ክፍታሕ ዝኽእል እንተኾይኑ ምስቶም ናይቲ ከባቢ ሰራሕተኛታት ክትዘራረብ ፈትን። እዚ ድማ ወግዓዊ መስርሕ ከየድለዮ ነቲ ጉዳይ ንምፍታሕ ክሕግዝ ይኽእል እዩ። ዋላ እቲ ጉዳይ ብዘይወግዓዊ መንገዲ እንተተታሒዙ ፡ መዝገብ ጥርዓንካ ግን ክተሓዝን ክዕቀብን እዩ። ብዝያዳ ወግዓዊ ኣገባብ ጥርዓን ከተቕርብ ምስ እትደሊ ግን በዚ ተተሓሒዙ ዘሎ ናይ ጥርዓን ቅጥዒ (ገጽ 3ን 4ን) ተጠቐም።

ጥርዓንካ እቲ ፍጻመ ካብ ዘጋጠመሉ እዋን ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ወርሒ ክቐርብ ኣለዎ፣ ድሕሪ እዚ ግዜ ዝመጽእ ጥርዓናት ፍሉይ ኩነታት እንተዘይሃልዩ ተቐባልነት ክህልዎ ኣይክእልን እዩ።

## ነዚ ቅጥዒ መዓስ ትጥቀመሉ

ኣብ ናይ ኢሚግሬሽን መሰለጥያ ማእከላት ወይ ድማ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ኣብ ትግዕዘሉ እዋን ብዛዕባ ዘጋጥም ናይ ኣገልግሎት ኣቕርቦት፣ ጉዳይ ኣተሓሕዛኻ ሰራሕተኛታትን ወዘተ ዝምልከት ጸገማትን ጥርዓን በዚ ቅጥዒ እዚ ኣቢሉ ክቀርብ ክኽእል ኣለዎ።

እቲ ክሲ ዝኾነ ገበናዊ ፍጻመ ዘጠቓልል እንተ ደኣ ኮይኑ ናብ ፖሊስ ክቐርብ እዩ። ባዕልኻ ምስ ፖሊስ ክትዛረብ እንተደሊኻ ብቐጥታ ምስ ፖሊስ ክትዘራረብ ኣማራጺ ኣለካ። ሰራሕተኛታት እቲ ከባቢ ድማ ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም። ባዕልኻ ናብ ፖሊስ ክትቀርብ እንተደሊኻ ፡ ምስቲ ነቲ ፍጻመ ዘጋጠመሉ ከባቢ ሓላፍነት ዝወስደሉ ሓይሊ ፖሊስ ምርኻብ ከድልየካ እዩ። ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ከመይ ጌርካ ናብ ፖሊስ ጥርዓን ከም እትቕርብን ብኸመይ ከም ዝእለን ፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናጻ ቤት ጽሕፈት ስነ-ምግባር ፖሊስ ( ኣይ ኦ ፒ ሲ / IOPC) ክትውከስ ትኽእል ኢኻ። www.policeconduct.gov.uk/complaints/submit-a-complaint


## ኣገባብ ጥርዓን ምቕራብ

ጥርዓን ኣብ እተቕርበሉ እዋን ፡ ብዛዕባ እቲ ፍጻመ ብዝተኻእለ መጠን ዝርዝር ሓበሬታ ምሃብ ኣገዳሲ እዩ። እዚ ድማ እቲ ዘጋጠመሉ ዕለትን ሰዓትን ፡ ቦታን ፡ ከምኡ'ውን እንተ ተኻኢሉ ኣስማት ናይ ዝኾነ ኣብቲ ጉዳይ ዝተሳተፈ ዘጠቓለለ ክኸዉን ክኽእል ኣለዎ ። ነቲ ጉዳይ ብዝበለጸ ክንርድኦን ክንምርምሮን ተወሰኺ ሓበሬታ እንተድኣ ኣድልዩ ፡ ን ዝያዳ መብርሂ ክንረኽበካ ኢና።

ነቲ ናይ ጥርዓን ቅጥዒ ምስ መላእካ ኣብ ገጽ 3ን 4ን ፈሪምካ ዕለት ግበረሉ ።ገጽ 1ን 2ን ንናይ ገዛእ ርእስኻ ንሓበሬታ ሰነድ ክኾነካ ክትሕዞ ይግባእ። ነቲ ቅጥዒ ድሕሪ ምምላእካ ፡ ኣብ ሓደ ካብቲ ብጫ ሕብሪ ዘለዎ 'ጥርዓናት ምትግባር ኢሚግሬሽን 'Immigration Enforcement Complaints' ዝብል ሳጹናት ኣቐምጦ።

እዘን ሳጹናት ኣብ ኩለን ኣይ.ኣር.ሲ.ኤስ / IRCs, ኤስ.ቲ.ኤች.ኤፍ.ኤስ / STHFsን ከምኡዉን ኣብ መጽንሒ ክፍልታት (ሆልዲን ሩም) ዝርከባ ኮይነን መዓልታዊ ይፍተሻ እየን። ተዓጂብካ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ኣብ እትኽደሉ እዋን ነዚ ቅጥዒ እንተደኣ መሊእካዮ፡ ንሓደ ኣባል ሰራሕተኛ ጥራይ ኣረክቦ ፡ ንሱ ድማ ናብ ቤት ጽሕፈት ሆም ኦፊስ ከመሓላልፈልካ እዮም። ከም ኣማራጺ ፡ ነቲ ዝተመልአ ቅጥዒ ብቐጥታ ናብዚ ዝስዕብ ኢመይል ኣድራሻ ክትሰዶ ትኽእል ኢኻ። : DetentionServicesComplaints@homeoffice.gov.uk

## ቀጺሉ ዝስዕብ እንታይ እዩ?




ብውጽኢት መርመራ ጥርዓንካ እንተዘይዓጊብካ ፡ እቲ ናይ መወዳእታ መልሲ ካብ ዝረኸብካሉ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ኣዋርሕ ናብ ናጻ መርማሪ ጥርዓናት ( ኣይ.ኢ.ሲ / IEC) ከተመሓላልፎ ኣማራጺ ኣሎካ። ከመይ ጌርካ ከም እተመሓላልፎ ምሉእ ዝርዝር ሓበሬታ ኣብቲ ናይ መወዳእታ መልሲ ደብዳበ ክቐርብ እዩ።

ከም ኣማራጺ ፡ በቲ መልሲ ሕጉስ እንተዘይኮንካ ወይ እቲ ጉዳይ ምስ ከቢድ ምስ ስነ-ምግባር ዝተሓሓዝ ጉዳይ እንተ ደኣ ኾይኑ ፡ ጥርዓንካ ናብ ተሓላቒ ቤት ማእሰርትን ፈተነን ( ፒ.ፒ.ኦ / PPO) ናይ ምልኣኽ መሰል ኣለካ። ፒፒኦ ካብ ቤት ጽሕፈት ሆም ኦፊስ ነጻ ኮይኑ ፡ ንከቢድ በደል ዝምልከት ጥርዓናት ክምርምር ይኽእል። ነዚ ከም ኣማራጺ ክትጥቐም እንተ ደኣ ወሲንካ ፡ ምስቲ ናይ መወዳእታ መልሲ ፡ ጥርዓንካ ናብ ተሓላቒ ብኸመይ ተቕርብ ('How To Complain To The Ombudsman') ዝብል ኣርእስቲ ዘለዎ ወረቐት ክወሃብካ እዩ።

ናጻ መርማሪ ጥርዓናት (ኣይ.ሲ.ኢ / IEC) ወይ ተሓላቒ ቤት ማእሰርትን ፈተነን ( ፒ.ፒ.ኦ / PPO ) ምስ ኩነታት ኢሚግሬሽንካ ፡ ውሳነ ምእሳርካ ወይ ዝኾነ ውሳነ ካብ ዓባይ ብሪጣንያ ንምእላይ ዝተኣሳሰሩ ጉዳያት ክምርምሩ ኣይክእሉን እዮም። ከምኡ'ውን ብተለምዶ እቲ መርመራ ንቕድሚት ዝወስድዎ ወይ ዝጅምርዎ ናይ መወዳእታ መልሲ ደብዳበ ምስተዋህበ ጥራይ እዩ።

**ገጽ 1ን 2ን ናይዚ ቅጥዒ ንናይ ገዛእ ርእስኻ ሰነድን ሓበሬታን ኣቐምጦ። ገጽ 3ን 4ን ከኣ ኣብቲ ዝተመደበ ናይ ጥርዓናት ሳጹን ኣቐምጦ።**

| | |
|---|---|
| **ናይ ስድራቤት ስም/ ሽም ስድራ (ሰርኔም)** | **ስም** |
| **ዕለት ልደት (dd/mm/yy(ዕለት/ወርሒ/ዓመት ):** | **ዜግነት:** |
| **ናይ ኣኽባርን ተግባርን ሰብ መወከሲ (ኮምፕሊያንስ ኤንድ ኢንፎርስመንት ፐርሰን ረፈረንስ (ሲኢፒኣር):** | **ናይ ሆም ኦፊስ መወከሲ ቑጽሪ፣** |
| **ኣድራሻ ፡ ቅድሚ ንጥርዓንካ መልሲ ምርካብካ ካብ ማእሰርቲ እንተተፈቲሕካ ፡ ቑጽሪ ተሌፎንን ኢመይልን ኣቕምጥ። እዚ ድማ ሓድሽ ሓበሬታ ወይ መልሲ ሒዝና ክንረኽበካ ምስ እንደሊ ብቐሊሉ ንክንረኽበካ ሓጋዚ እዩ።** | |
| **ቑጽሪ ተሌፎን ፤** | **ኢመይል ፣** |

**ህሉው ቦታ (ኣይ.ኣር.ሲ / IRC, ኤስ.ቲ.ኤች.ኤፍ / STHF ወይ ካልእ ስም)**

| | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| **ብሮክ ሃውዝ ኣይኣርሲ / IRC** | | **ካምፕስፊልድ ኣይ.ኣር.ሲ** | | **ኮልንብሩክ ኣይ.ኣር.ሲ** | | **ደርዌንትሳይድ ኣይ.ኣር.ሲ** | |
| **ዱንጋቨል ሃውስ ኣይ.ኣር.ሲ** | | **ሃርሞንድስዎርዝ ኣይ.ኣር.ሲ** | | **ሃስላር ኣይ.ኣር.ሲ** | | **ቲንስሊ ኤች.ኤስ.ኢ ኣይ.ኣር.ሲ** | |
| **ያርል'ስ ዉድ ኣይ.ኣር.ሲ** | | **ላርን ሃውስ ኤስቲኤችኤፍ** | | **ማንቸስተር ኤስ.ቲ.ኤች.ኤፍ** | | **ስዊንደርባይ ኤስ.ቲ.ኤች.ኤፍ** | |
| **ተዓጂብካ** | | **መጽንሒ ክፍሊ** | | | | | |

**እቲ ጥርዓን ተቐርበሉ ዘለኻ ፍጻመ ዘጋጠመሉ ቦታ**

| | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| **ብሩክ ሃውስ ኣይ.ኣር.ሲ** | | **ካምፕስፊልድ ኣይ.ኣር.ሲ** | | **ኮልንብሩክ ኣይ.ኣር.ሲ** | | **ደርዌንትሳይድ ኣይ.ኣር.ሲ** | |
| **ዱንጋቨል ሃውስ ኣይ.ኣር.ሲ** | | **ሃርሞንድስዎርዝ ኣይ.ኣር.ሲ** | | **ሃስላር ኣይ.ኣር.ሲ** | | **ቲንስሊ ኤች.ኤስ.ኢ ኣይ.ኣር.ሲ** | |
| **ያርል'ስ ዉድ ኣይ.ኣር.ሲ** | | **ላርን ሃውስ ኤስቲኤችኤፍ** | | **ማንቸስተር ኤስ.ቲ.ኤች.ኤፍ** | | **ስዊንደርባይ ኤስ.ቲ.ኤች.ኤፍ** | |
| **ተዓጂብካ** | | **መጽንሒ ክፍሊ** | | | | | |

| | **እወ** | **ኣይፋል** |
|---|---|---|
| ናጻ ምክትታል ቦርድ (ኣይ.ኤም.ቢ / IMB) ካብ ቤት ጽሕፈት ሆም ኦፊስ ነጻ ዝኾነ ዝተፈለየ ትካል እዩ። ኣባላት (ኣይ.ኤም.ቢ / IMB) ዝተኣስሩ ውልቀሰባት ዝእሰሩሉ ኩነታት፣ ድሕንነቶምን እቲ መእሰሪ ቦታ ዝሰርሓሉ ኣገባብን ናይ ምክትታል ሓላፍነት ኣለዎም። እዚ ናይ ጥርዓን ቅጥዒ ምስ (ኣይ.ኤም.ቢ / IMB) ክካፈል ትሰማምዕ ዶ? | | |
| እዚ ብዛዕባ ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ድዩ ወይስ ናይ ሰራሕተኛታቶም ዝቐርብ ጥርዓን? | | |
| ጥርዓንካ ብዛዕባ መጉዳእቲ ዝበጽሓካ እንተደኣ ኮይኑ ፡ መርመርቲ ሰራሕተኛታት ፡ ካብ ክፍሊ ሞያዊ ደረጃታት ቤት ጽሕፈት ሆም ኦፊስ ዝመጹ መርመርትን ተሓጋገዝቲ መርመርትን ሓዊሱ ፡ ነቲ ፍጻመ ምሉእ ብምሉእ ንምርዳእ ፡ መዛግብቲ ሕክምናኻ ክምርምሩ ከድልዮም ይኽእል እዩ።ነዚ ዕላማ እዚ መዛግብቲ ሕክምናኻ ንኽካፈል ፍቓድካ ትህብ ዲኻ? | | |
| ጥርዓንኩም ብዛዕባ ኣካይዳ ሰራሕተኛታት ማእከል፣ ናይ ምዕጃብ ወይ ናይ ሆም ኦፊስ ሰራሕተኛታት ድዩ? | | |

| ነቲ መርመራ ጥርዓንካ ንምሕጋዝ ብዝተኻእለ መጠን ሓበሬታ ከተቕርብ ንምሕጸን። እዚ ድማ ኣስማት ናይቶም ዝሳተፉ ወገናት፣ ግዜ፣ ዝርዝር ኣቀማምጣ ወዘተ ዝኣመሰሉ ነገራት ከጠቓልል ይኽእል። | |
|---|---|
| **ዕለት ፍጻመ (dd/mm/yy)፤** | |
| **ዝርዝር ናይ ጥርዓንካ፤** | |
| **ክታም፥** | **ጥርዓን ዝተልዓለሉ ዕለት፤** |

**ብኽብረትካ ገጽ 3ን 4ን ናይቲ ዝተመልአ ቅጥዒ ኣብቲ ብጫ ጥርዓናት ምትግባር ኢሚግሬሽን ሆም ኦፊስ ዝብል ሳጹን ኣቐምጦ።**